# ዝተሸፈነ ጉዕዞ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን

ብጋዘጤኛ፡ ጸሓፍን ተማራማርን ማርቲን ፕላውት

ኣብ ትካል ሓባራዊ ብልጽግና ተኸታታሊ ምዕባሌታት ዞባታት ቀርኒ ኣፍሪቃን ደቡባዊ ኣፍሪቃን (እዚ ጽሑፍ ከም ዘለዎ ካብ እንግሊዘኛ ናብ ትግርኛ ተተርጕሙ ዝቐርብ ዘሎ'ዩ።

ጎደናታት ርእሰ ከተማ ኤርትራ ኣስመራ ዳርጋ ኩሉ ግዜ ብጸጥታን ጽምዋን ምስተዋሕጠ'ዩ። ሎሚ ረፋድ ግን ዘይከምቀደሙ ኣዝዩ ብዙሕ ህዝቢ ነባሪ እታ ከተማ ናብ ጎደናታት ክውሕዝ ተራእዩ። ኣብ ገጽ እቶም ናብ ጎደናታት ዝውሕዙ ዝነበሩ ድማ ተስፋን ታሕጓስን ይንበብ ነይሩ። እንታይ ስለዝረኸበ? ኣብ'ዛ ንዓመታት ብጽምዋ ተዋሒጣ ዝጸንሐት ከተማ፡ በዝን በትን መስርዕ ሒዙ፡ ሰንደቕ ዓላማ እናበልበለ ላዕልን ታሕትን ይብል ነይሩ። ናይ'ዚ ምኽንያት ከኣ፡ ንቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ዶ/ር ኣብይ ኣሕመድ እንቋዕ ብደሓን መጻእካ ኢሉ ንምቕባል'ዩ። ሓቆም'ዮም። ሓደ ናይ ኢትዮጵያ ቀዳማይ ሚኒስተር ናብ ኤርትራ ዑደት ክገብር ድሕሪ ነዊሕ እዋን'ዩ። ስለዚ እዚ ጉዳይ ቀሊል ግምት ዝወሃቦ ኣይኮነን። ምኽንያቱ እቲ ኣብ መንጎ 'ዘን ክልተ ሃገራት ኣስታት ንዕስራ ዓመታት ዝጸንሐ ኣይሰላም ኣይኩናት ኩነታት መዕለቢ ናይ ምርካብ ጅማሮ ዘበስር ስለዝኾነ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ዶ/ር ኣቢይ ኣሕመድ፡ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ምስበጽሐ መራሒ ኤርትራ ኣቶ ኢስያስ ኣፈወርቂ ዝርከቦም ሰበ ስልጣን እታ ሃገር ብድምቀት ተቐቢለሞ። ናይ ህዝቢ ከተማ ኣስመራ ከኣ'ሞ መግለጺ የብሉን። ብቑጽሩ ብዙሕ፡ ኣብ ስምዒቱ ሕጉስ ብምንባሩ ዝደመቐ ኣቀባብላ ነይሩ።

ኣቢይ ኣስመራ ምስ ኣተወ ምስ ፕረዚደንት ኤርትራ ክልተኣዊ ርክብ ገይሮም። ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኣተን ሃገራት ዝጸንሐ ተጻብኦታት ደው ኢሉ፡ ንቡር ዲፕሎማስያዊ ርክባቶም ከሐድሱ፡ ናይ ስልኪ መስመር፣ መጎዓዝያ ኣየር፣ ውደባት፣ ስራሑ ክጅምር ማለት ኢትዮጵያ ኣተውን ወጻእን ንግዳዊ ንጥፈታት ብወደባት ኤርትራ ከተካይድ ከም ዝተሰማምዑን ብወግዒ ኣብ ሰነድ ከም ዝተፈራረሙን ተነጊሩና።

ናብ'ዚ ብከመይ ተበጽሐ?

ቅድም ክብል ዝተሰምዐ ሓሳብ ነይሩ። በሃሊኡ ድማ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ዶ/ር ኣቢይ ኣሕመድ፡ ብወግዒ ስልጣን ምስተረከበ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ጉዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንምፍታሕ ካብ'ቲ ቅድም ዝጸንሐ ብዝተፈልየን ብንጥፈትን ክዋሳእ ድልዊ ምዃኑ ሓቢሩ ነይሩ። እዚ ማለት ነቲ ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስን፡ ብኮሚሽን ዶብ ዝተዋህበ ብይን ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ኩነት ሃገሩ ኢትዮጵያ ንምፍታሑ ድልውቲ ምዃና ኣነጺሩ። ኣቢይ ከምዚ ድሕሪ ምባሉ ነገራት ኣይደንጎየን። ጉዳያት ሓደ ድሕርቲ ሓደ በቦታኦም ክሕዙ ጀሚሮም። እቲ ዝነበረ ሓጹር ተጣሒሱ ጎደና ሰላም ተጸሪጉ ማለት'ዩ። ሰላም ከም ዝገበሩ ንህዝብታቶምን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ብወግዒ ሓቢሮም። ሽሕ'ኳ እቲ ዕማም ቀሊል ከምዘይከውን ርዱእ እንተኾነ፡ እቲ ጅማሮ ግን ጽቡቕ'ዩ።

ምኽንያቱ ኣብ ምንጻር እቲ ዶብ ገለ ንነብሶም ከም ኤርትራውያን ዝፈልጥዋ ዝነበሩ ናብ ኢትዮጵያ፡ ብተመሳሳሊ ከም ኢትዮጵያውያን ነብሶም ዝፈልጡ ዝነበሩ ድማ ናብ ኤርትራ ክኾኑ ክግደዱ'ዮም። እዚ ጉዳይ ዓቢ ጥንቃቐ ዝሓትት'ዩ። ስለዚ እቶም ህዝብታት ከስተውዕሉ ክሓስቡ ኣለዎም። ዳግም ክግርሁ ኣይግባእን። መንግስቲ ኤርትራ ከም መንግስቲ በቲ ተጀሚሩ ዘሎ መስርሕ ሰላም ገለ መተንፈሲ ክረክብ'ዩ። ንኣብነት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራ ዝተወሰነ ማዕቀብ ንኽለዓል ድሮ ሓቲታ ኣላ።

እዚ ዝረአ ዘሎ ምዕባሌታት ግን ኣብ ሓደ ረፋድ ዝመጽአ ኣይኮነን። ካብ ነዊሕ ብምስጢር ክስረሓሉ ዝጸንሐ'ዩ። ኣብ'ዚ እዋን ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ኣቦ-መምበር ጠረጴዛ ጉዳያት ኣፍሪቃ ኮይኑ ዝሰርሕ ዘሎ ኣማሳደር ዶናልድ ያማማቶ ብዝግባእ ክዋስኣሉ ጸኒሑ'ዩ። እዚ ሰብ'ዚ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ብዙሕ ተመክሮ ዘለዎ'ዩ። ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ከምኡ'ውን የማናይ ኢድ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ምዃኑ ዝንገረሉ ኣቶ የማነ ገብረኣብ፡ ብምስጢር ምስ ኣመሪካዊ ኣምባሳደር ዶናልድ ያማማቶ ብተደጋጋሚ ተራኺቦም ክዘራረቡ ምጽናሖም እቲ ምስጢር ሕጂ ክወጽእ ጀሚሩ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ እዞም ክልተ ሰበስልጣን ኤርትራ፡ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ

ነበር ኣቶ ሃይለማርያም ደሳለኝ ብሕቡእ ይራኸቡ ምንባሮም'ውን እነሆ ምስጢራት ይመሉቕ ኣሎ። ዕላማ ናይ'ዚ ሕጂ ዝንጸር ዘሎ ሕቡእ ዝርርባት ከኣ፡ ነዚ ንሪኦ ዘለና ዝኸውን ባይታ ምጥጣሕ ከም ዝነበረ ንምግማት ይከኣል።

ዶናልድ ያማማቶ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ናይ 2018 ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዑደት ገይሩ ምንባሩ ዝዝከር'ዩ። ዑደት ምግባሩ ደኣምበር፡ ምኽንያት ዑደት እንታይ ነይሩ፡ ምስ'ቶም መራሕቲ ተራኺቡ ብዛዕባ እንታይ ተዘራሪቡ ኣብ እዋኑ ኮነ ድሒሩ ዝተገለጸ ነገር የለን። ካብ'ዚ ናይ ሕጂ ንጥፈታት ተበጊስካ ክፍተሸ እንከሎ ግን እቲ ርክብ ዋላ ካብ ክልቲኣቶም ህዝብታት ዝተሓብአ ይኹን ግን ኣገዳሲ ምንባሩ'ዩ። ነዚ ኩሉ ኣመሪካ ንበይና'ያ ተዋሲኣትሉ ማለት ግን ኣይከኣልን። ኣመሪካ ብዘለዋ ሓልን ተሰማዕነትን ትፈጥሮ ጸቕጢ ከም ዘለዎ እንከሎ፡ ካብ ፍቃድን ኣፍልጦ ኣመሪካ ዘይትኸይድ ንግስነት ስዑዲ ዓረብያ ግደ ከም ዝነበራ'ዩ ዝሕበር። ብፍላይ ወራሲ ዓራት መሓመድ ሳልማን። ብተመሳሳሊ ኣሚር ሕቡራት ኢማራት ዓረብ። ሕቡራት ኢማራት ቁጠባ ኤርትራ ንምብርባር ብዝብል ምኽንያት ኣማኢት ሚልዮን ዶላር ንኢሳያስ ከም ዝህቦ ብሰፊሑ ክዝረብ ጸኒሑ ኣሎ። ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ሕብረት ኣፍሪቃን'ውን ኣብ'ቲ ምስጢራዊ ርክባት ናይ ምቅርራብ ተራ ከም ዝነበሮም'ዩ ዝዝረብ ዘሎ።

ስለዚ ድማ ዶ/ር ኣቢይ ኣሕመድ ኣብ ኤርትራ በጺሑ ናብ ሃገሩ ምስተመልሰ፡ ብስራሕ ጉዳይ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ዝነበረ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣንተኒዮ ጉተሬስ ተራኺቡ ተዘራሪቡ። ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ተነቢሩ ዝጸንሐ ማዕቀብ ክለዓል ፍቓድ ኢትዮጵያ ምዃኑ ብወግዒ ከም ዝሓተቶ ብማዕከናት ዜና ተገሊጹ። ጉተሬስ ብወገኑ ከምኡ እንተደኣ ኮይኑ እቲ ማዕቀብ ትርጉም ኣይህልዎን ዝብል መልሲ ሂቡ። ኣብ'ዚ ግን ሓደ ኣገዳሲ ነጥቢ ኣሎ፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ በዚ ዝኸይድ ዘሎ ብሓቂ ጸገም ኣየጋጥሞን ማለት ድዩ? ኩሉ ጸገማቱ ተፈቲሕሉ ኢልካ ክትዛረብ የኽእል'ዶ?

ምኽንያቱ፡ ንዕኡን ንሱ ንዝመርሖ ውድቡን ዝምልከት ናይ ህዝቢ ሕቶታት ስለ ዘሎ። እቲ ከመኽንየሉ ዝጸንሐ ዶባና ተጎቢጡ እናሃለወ ዝብል ጸጥታዊ ምኽንያት ተተርቢዑ እነሆ። ኩሉ'ቲ ከም ህዝቢ ክምለስ ዝነበሮ ግን ከኣ ተጉስዩ ዝጸንሐ ጠለባት ቅድሚት ክመጽእ'ዩ። መልሱ ድማ ካብ ኢሳያስ'ዩ። ስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 27 ዓመታት ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለዩ ዜጋታት ብዘይ ጭቡጥ ምኽንያትን መስርሕ ሕግን ናይ ዓፈናን ቅንጸላን ስጉምቲ ክወስድ ጸኒሑ'ዩ። እዚ ምስጢር ኣይኮነን። ጸሓይ ዝሃረሞ ሓቂ'ዩ። ኣብ'ዚ ረብሓ ኢትዮጵያ ብርክት ዝበለ'ዩ። ሓደ ካብ ረብሓታት ማያት ቀይሕ ባሕርን ወደባትን ብቐረባ ምርካብ'ዩ። ኣብ ዶባት ዝርከቡ ህዝብታት ድማ ተጠቀምቲ'ዮም። ዝጸንሐ ሃይማኖታዊ ኮነ ባህላዊ ምትእስሳር ናይ'ቶም ክቕጽል'ዩ።

ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ሆይ ሆይታ ግን ሓደ ነገር ተዓዚበ። ሓደገኛ ኮይኑ ድማ ይስመዓኒ። ኩልና ከም እንፈልጦ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ማለት ህወሓት፡ ክሳብ'ዚ ኣቢይ ኣሕመድ ኣብ ስልጣን ዝመጽኣሉ ኣብ'ቲ ናይ ሓባር ግንባሮም ኢህወደግ ኮነ፡ ኣብ መንግስቲ ወሳኒ ግደ'ዩ ነይርዎ። ኣብ'ቲ ምስ ኤርትራ ዘበኣሰ ጉዳይ'ውን ቀዳምነት ዝምልከቶ ንሱ'ዩ። ኣብ'ዚ ሕጂ ዝገበር ዘሎ ስምምዕ ግን ከም ዘይምልከቶ ተገሊሉ ኣሎ። ከም ግቡእ መባእስቲ ስርዓት ኣስመራ ብቀንዱ ንሱን ህዝቢ ትግራይን ስለዝኾኑ ኣብ'ዚ ዝኸይድ ዘሎ መስርሕ ዕርቂ ቅድሚት ተሰሊፉ ልሉይ ተራ ክጻወት ነይርዎ። ንግዜኡ ህወሓት ኣብ'ዚ ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ዘተ ኢድ ዘይምህላው በዓል ኢሳያስ ሕጉሳት'ዮም። ወያነ ደሙ ወዲኡ። ሓይሉ ጸንቂቑ። ሞይቱ'ዩ እንቋዕ ፖለቲካዊ ስዕረቱ ንምርኣይ ኣብቀዓና እናበሉ ብታሕጓስ ክገባበዙ ተራእዮም'ዮም።

እዚ ከም'ዚ ዝበለ ኣካይዳ ጸኒሑ ከቢድ መዘዝ ከኸትል ከም ዝኽእል ግን ክዝንጋዕ ኣይግባእን። ስለምንታይ ሲ እቲ ኣካይዳ ግልጽነት ዝጎደሎን ዘይሓላፍነታውን'ዩ። ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ምስ ምሉእ ሓይሉ'ዩ ዘሎ። ኣድላዩ ኮይኑ እንተረኺብዎ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ክሓላልኾ ይኽእል'ዩ። ብኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝምራሕ ዘሎ መንግስቲ ኤርትራ ነዚ ገና ብክልተ እግሩ ዘይረገጸ ጀማሪ መስርሕ ዘተ ብሰሪ ህንዱድ ኣካይዳኡም ንሓደጋ ከይሳጣሕ'ውን ዘየስግእ ኣይኮነን። የስግእ'ዩ።

ተርጓሚ፡ ዓ.ኢ.

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 30-07-2018